# ***መንፈሳውን ሕልናውን ምድላው ንምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ መኣዲ ዘተ ናይ ኣሕዋት ኤርትራውያን።***

መንፈስን ሕልናን መግለጺ ባህርያት ወዲ ሰብ ኢዮም። ዝተወሳሰበ ዝምድናዊ ምትእስሳርን ጽቡቕን ሕማቕን ገጻት ካኣ ኣሎዎም። እቲ ጽቡቕ መንፈስ፥ ብቕንዕና፡ ንጽህና፡ ህድኣት፡ ምኽባር፡ ምምሓር ይግለጽ። እቲ ጽቡቕ ሕልና ካኣ፥ ብተስፋ፡ ሓልዮት፡ ድልየት፡ ኒሕ፡ ሓቦ ይግለጽ። ስለዚ ኣብዚ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝሳተፍን ዝድግፍን ዘበሉ ኩሉ ኤርትራዊ፡ እዞም ዝተጠቕሱ ባህርያት ክህልይዎ ክጽዕር ይግባእ። ምኽንያቱ ኣብምዕዋት ዕላማን መደባትን ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዓቢይ ግደ ስለ ዝህልዎም።

መንፈሳዊ ባህርያት፡ ንምርድዳእን ምክብባርን ምትሕብባርን ይሕግዘካ። ሕልናዊ ባህርያት ካኣ ተስፋ ከይቖረጽካ፡ ብድልየትን፡ ሓልዮትን፡ ኒሕን፡ ሓቦ ተሰኒኻ ሽግራትካ መፍትሒ ክትረኽበሉ የኽእለካ።

ኣብዚ ዋዕላ ዝሳተፉ፡ ውድባት ይኹኑ ውልቀ ሰባት፡ መዋጽኢ ቅርሕንትታቶም ከምዘይኮነ ክርድኡ ይግባእ። ናብዚ ዋዕላ ዝውከል ባእታ፡ ንውልቃዊ ድልየታቱ ከማልእ ዘይኮነስ፡ ንናይ ሓባራዊ ጥቕሚ ዕላምታት ህዝብታት ኤርትራ ከዐውት ምኺኑ ተረዲኡን ኣሚኑን ክሳተፍ ኣሎዎ።

መንፈሳውን፡ ሕልናውን፡ ኣእሙራውን ምድላዋት ከድልዩ እዮም ክባሃል ኣንከሎ። እንታይ ኢዩ ትርጉሙ?

ቡዙሓት ካባና፡ ኣብቶም ኣብ ጊዜ ሓርነታዊ ቃልስና ዝነበሩ ፖሊቲካዊ መደብ ዕዮታት ተሓጺርና፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝላዓሉ ዘሎዉ ናይ መሰል ሕቶታት ንነጽግ። ህዝብታትን ሃገርን ኤርትራ ኣካል ናይቲ ኣብ ከባቢና ብሓፈሹ ካኣ፡ ኣብ ዓለም ዝምዕብል ዘሎ ሕቶ መንነት፡ ማዕረነታዊ ተሳትፎ፡ ሓዲስ ምሕደራዊ ኣገባብ ከምዝሕተቱ ክንኣምን ይግባእ።

ስለዚ ኤርትራ ሕብረ-ብሄራዊት ሃገር ሙኳና፥ ዝተፈላለዩ ቛንቛታትን ባህልን ልምድን ሃይማኖታትን ከምዘለይዋ፡ ብመንፈስናን ሕልናናን ኣእሙሮናን እንድሕር ተቐቢልና፥ ኩላትና ንርዶኦን ንቕበሎን ንሰማማዕሉን ውሳኔታት ክንገብር ኣይክጽግመናን ኢዩ። ንግብራዊ ኣዋዓእሉ እውን እንተኾነ፡ ሽግራት ኣይክህልውናን ኢዮም።

ቀጺሉ ዝስዕብ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እንዳተወራረሰ ዝመጸ ኣገላልጻ ሕብረተሰብ ኤርትራ፥ ከበሳ-ክርስትያን፡ መታሕት ኣስላማይ ትኽክል ኣይኮነን። ክእረም ኣሎዎ። ንኣብነት መታሕት ክባሃል እንከሎ፡ ኣብ ኣእምሮ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ተቐሪጹ ዘሎ ሰንሒት-ጋሽ-ባርካ ኢዩ። ምብራቓዊ ቆላታት፡ ሳሕል፡ ደንከል ይርስዐ። ኣብዚ ቦታታት ዝቕምጥ ህዝብታት ካኣ ኩሉ ኣማኒ ምስልምና ጥራሕ ምኺኑ ናይ ምርዳእ ዕግበት ኣሎ። ካብ ቢለን፡ መንሳዕ፡ ኩናማ፡ በጁኽ ክርስትያን ከምዘለዉ ኣይግምትን። ከበሳ ክባሃል ኣንከሎ ኩሉ ኣማኒ ክርስትና ጥራሕ ዝቕመጦ ቦታት ምኺኑ ናይ ምርዳእ ሕጽረታት ኣሎ። ከበሳ እውን ዓዲ ኣመንቲ ምስልምና ሳሆን ጀበርትን ምኺኑ ይዝንጋዕ።

እዚ ዝተዛበዐ ኣረዳድኣን እምነትን፡ ዘይቅኑዕ ስሚዒታት ኣሳዕሪሩ፡ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ክንዲ በቲ ትኽክል መንነቶም ዝግለጹ፥ ከበሳ-ክርስትያን፡ መታሕት ኣስላም ኣንዳበልካ ኣብ ክልተ ምምቃል ንናይ ሓባራዊ ዝምድናታትና ከይነማዕብል ክዕንቅፈና ጸኒሑ ኢዩ።
እዚ ኣረዳድኣ ንንሕናን ዕላማንን ፈጢሩ። ኣሉታዊ ሳዕበናት ካኣ ኣኸቲሉ። በቲ ካልእ ሸነኽ ካኣ፡ ኣብ ዝሓልፈ ኣዋርሕ ብዝተፈላለዩ ኣካላት፡ ብከበሳ-ክርስትያን፡ ብመታሕት ኣስላም ማእከሎም ዝገበሩ ዝተጻሕፉ ጽሑፋት ካብዚ ዝጠቐስናዮ ግጉይ ኣረዳድኣ ዝተበገሱ ኢዮም።

እዞም ሰባት ብዛዕበ ኣብቲ ጹሑፋቶም ኣቕሪቦሞ ዘሎዉ፡ ብዛዕባ ዝተበደልዎን ዝግቦኦምን መሰላት እንዳተቐበልኩ፡ ከበሳ-ክርስትያን፡ መታሕት ኣስላም ኢሎም ዝተኸተልዎ ኣቀራርባ ግን ሓጋዚ ተራ ኣይነበሮን። ከምኡ እውን ብመርበብ ሓበሬታ መስከረም-ነትን ብዝተፈላለዩ ባእታታት ንተዳሙን ከም ምትእኽካብ ናይ ኣመንቲ ምስልምና ጥራሕ ገርካ ዝቐረብ ዘሎ ናይ ፕሮፓሃንደ ዘመተ፡ ካብዚ ጉጉይ ኣረዳድኣ ዝተበገሰ ኣተሓሳስባ ኢዩ።

ተዳሙን ናይ ዝተፈላለየ ፖሊቲካዊ መደብ ዕዮ ዘለወን ውድባትን ብዝተፈላለየ ብሄራዊ መኒነትን፡ ብኣመንቲ ምስልምናን ክራትናን ዘሎወን ኣባላት ዝቕመ ግንባርዊ ምትእኽኻብ ኢዩ። እተን ብብሄራዊ ውደባን፡ ብሕብረ ብሄራዊ መልክዕ ዝተወደባ እውን እንተኾነ ብኣመንቲ ምስልምናን ክርስትናን ኣባላት ዝቕማ ኢየን። ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞፕክራስያዊ ለውጢ ዝሳተፉ ተወከልቲ ውድባት፡ ብሃይማኖታዊ እምነቶምን ኣስማቶምን ዘይኮነስ፡ ከም መዐቀኒ ክውሰድ ዘለዎ፡ ኣየናይ ፖሊቲካዊ መደብ ዕዮን መንነትን ይዉኩሉ ኢዩ ዘገድስ። እዚ ክብል እንከሎኹ ግን፡ መሰል ሃይማኖትን ባህልን ኣካል ናይቲ ኣብ ዝትከል ዲሞክራስያዊ ስርዓት ሉዑል ኣቓልቦን ፍታሕ ዘድሎይም ሽግራት ከምዝኾኑ ቅቡል ብምግባር ኢየ።

ስለዚ እዚ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንኩሉ ኤርትራዊ ዘሳትፍ መኣዲ ዘተ ምኺኑ ሓደ ቡርህ ሓቂ ኢዩ። እቶም ነዚ ሓቕታት ክሒዶም፡ ንመኣዲ ዘተ ኣሕዋት ኤርትራውያን ክዘርጉ ተዓጢቖም ዘለዎ ኣካላት፡ ኣብ ጊዜ ተበግሶ ንጽቡቅ ተግባር፡ ዕጥቆም ዝፈትሑ ምኺኖም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዝተጋህደ ባህርያት ኢዩ። ኣመል ምስ መግነዝ ይብሉ ኣቦታትና።

ኣብ መረበብ ሓበሬታ ዓወተ ብስም መጅልስ ሙኽታር “The Eritrean Covenant towards sustainable justice and peace “ ዝብል ኣገዳሲ ሰነድ ሰፊሩ ይርከብ። ኩሉ ኤርትራዊ ከንብቦ ካኣ ይላቦ። እቲ ሰነድ ኣብ መበቆል ወለዶን፡ ሃይማኖትን ባህልን ህዝብታት ኤርትራን ምርኩስ ብምግባር፡ ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፡ ንዝምድናታትናን፡ ሓደነትናን ዝፈታትኑ ፖሊቲካውን ማሕበራውን ሃይማኖታዊ ሽግራት ከመዘለዉና ካኣ ይእምት። ቀጺሉ ብመኣዲ ዘተ ኣቢልካ፡ ነዚ ፖሊቲካውን ማሕበራውን ሃይማኖታውን ባህላውን ሽግራትና መፍትሒ ዝኾኑ ዕላማታት ብቐደም ተኸተል የቕርብ። ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ፥ ቁስልና ኣይንሕባእ፡ ፈውሲ ንርከበሉ፡ ኣሕዋትና ንዛተ ኢዩ ትርጉሙ። ልቦና ዝመልኦ ኣቀራርባ። ሓባእ ቁስሉስ፡ ሓባእ ፈውሱ ይብሉ ኣቦታትና። ኣባላት መጅልስ ሙኽታር በታ ሰነዶም ኣቢሎም ንከባበር፡ ቅርሕንትታት ይወገዱ፡ ኣሕዋትና ንተሓቛቖፍ ይብሉ ኣሎዉ። እቲ ዝድለ መንፈሳውን፡ ሕልናውን፡ ኣእምራውን ምቅርራብ ወኒኖም ስለ ዘለዉ፡ ንምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ሓጋዚ ተራ ምሃሎዎም፡ ባሃሊ ኢየ። ንክሳተፉ ካኣ ይምሕጸኖም።

ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ከይዕወት፡ ሓደ ካብቶም ዝቐርቡ ዘለዉ ናይ ሓሶት መናፍሓት፥ እቲ ብናይ ኢትዮጵያ ተጽዕኖ ይግበር ከም ዘሎ ዝቐርብ ክሲ ኢዩ። ነዚ ዝንደየን ዝኸሰረን ኣባህልታት ከነኮማስዕ ዝኾውን ጊዜ የብልናን። ብህዝቢ ኣቓልቦ ዝሳኣነ ሕሱር ኣባሃህላ ኢዩ። ቅድሚ ሕጂ ፈቲኖም ኣይተዐወቱሉን፡ ሕጂ እውን ኣይቐንዖምን ኢዩ። እቶም ብጋህዲ ዝተዋፈሩ ይራኣዩ ኣሎዉ። እቶም ብስዉር ዘንሃህሩ ዘለዉ ካኣ፡ ብማዕልቱ ክጋለጹ ኢዮም።

ኩሉ ኤርትራዊ ክኣምነሎም ዝግባእ፡ ኣብ ምንጐ ህዝብታት ኤርትራን፡ ኢትዮጵያን፡ ሱዳንን፡ ዘሎዉ ዝምድናዊ ምትእስሳር ከምዚ ዝስዕቡ ኢዮም፥

1- ኣብ ኤርትራ ዘሎዋ ብሄራት፥ዓፋር፡ ሳሆ፡ ትግርኛ፡ ኩናማ፡ ቢለን ብተመሳሳሊ መልክዕ ኣብ ኢትዮጵያ ይርከባ። ከምኡ እውን ብተማሳሳሊ መልክዕ ብሄረ ትግረ፡

ብጃ፡ ኣብ ሱዳን ይርከቡ። ኩሎም ካኣ ነንሕድሕዶም ሓባራዊ መበቆል ዓሌት፡ ቋንቋ፡ ባህልን ልምድን ኣሎዎም።

2- ብተወሳኺ ካኣ ዝኣሳስርዎም ታሪካዊ ምዕባሌታት ኣሎዉ። ካብ ኣዱሊስ ተበጊሱ ብቋሒቶን መጠራን፡ ካብ ባጽዕ ተበጊሱ ብኣስመራን ሰራየን፡ ካብ ምዕባሌ መረወ (ሱዳን) ተበጊሱ ብከረንን ብምዕራባዊ ቦታት ኤርትራ ኣቢሉ ኣብ ኣኽሱም ዝተረጋገጸ ምዕባሌ፡ ኣሰር ናይ ሓባር ታሪኽና እዮም።

3- ጸላእቲ ህዝብታት ኤርትራ ዝሓለፉ ገዛእቲ ስርዓታት ሃይለስላሴን ደርጊን እምበር፡ ህዝብታት ኢትዮጵያን ስርዓት ኢህወደግን፡ ህዝብታት ሱዳንን ጂቡትን ፈተውትና ኢዮም።ኤርትራ ናታን ምስ ጐሮባብታ ዘተኣሳስራ ዘኩርዕ ታርኽ ዘሎዋ ሃገር ኢያ።

4- ኣብዞም ዝተጠቕሱ መሰረታዊ ዝምድናታት ምርኩስ ብምግባር፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሱዳንን ጂቡትን ነብሲ ወከፍ ሃገር ልእላውነተን ብዘኽብር፡ ኣብ ናይ ሓባር ጥቕሚ ዝተሰረተ ምትእስሳርን ምትሕግጋዝን ክህልወን ባህርያዊ ኢዩ።

5- ኣብ ምልጋስ ጸላእቲ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበሩ ስርዓታት ሃይለስላሴን ደርግን ብዝገበርናዮ ሕድሕድ ምትሕግጋዝ ተዐዊትና። ሕጂ እውን እንተኾነ ንዘለዉ ዲክታቶርያዊ ስርዓታት ከነልግስን፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓታት ተኺልና ሰላምን ቅሳነትን ዘሎዎ ምዕባሌ ክረጋግጽ ኣብ ዝግባር ቃልሲ ክንተሓጋገዝ ህዝብታትና ዝደልይዎን ዝድግፉዎን ጉዳይ ኢዩ።

ስለዚ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብኤርትራዊ ተበግሶን ትልምን መደባትን ዝሳለጥ ዘሎ መሰርሕ ናይ ኣሕዋት ኤርትራውያን መኣዲ ዘተ ኢዩ። ህዝብታት ኢትዮጵያ ብመንገዲ ኢህወደግ ኣቢሉ ንዝገበረልና ሓገዝን ንዝልግሰልና ምኽሪ ደስ ኢሉና ንቕበሉ ምትሕብባር ኢዩ። *<u>ነዚ ምትሕብባር ኣመልኪቶም ዝቕንዘዉ ዘለዉ ኣካላት ምሕረት የውርደልኩም ንበሎም። ጉዑዞና ክሱጉም ኢዩ። ዓውትና ካኣ ናይ ግድን ኢዩ።</u>*

*<u>እወ ኣሎና ንሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ መኣዲ ዘተ ናይ ኣሕዋት ኤርትራውያን ንበል።</u>*

**ባህታ ሃይለማርያም**
**ካብ ጀርመን** 14-05-2010